# መሰላትካ ምፍላጥ



ስደተኛታት
መሰሎም ክርድኡን ከመይ ጌሮም ከም ዝገልጽዎን ንክፈልጡ ዝሕግዝ ሓበሬታ

Migrants' Rights Network
MRN
working for the rights of all migrants

# → ነዚ ሓበሬታ መን ኣዳልዩዎ፧

እዚ ሓበሬታ ብመርበብ መስል ስደተኛታት ዝተዳለወን ዝተወሃሃደን እዩ።

**ኣዳለውቲ ጽሑፍ:**

ኣጌንስት ቦርደርስ ፎር ቺልድረን (Against Borders for Children) ፣ ዶክቶርስ ኦፍ ዘ ዎርልድ ዓባይ ብሪጣንያ፣ ፎካስ ኦን ለይቦር ኤክስፕሎይቴሽን (FLEX)፣ ሊበርቲ ማይግራንትስ ኣት ዎርክ፣ ማይግራንትስ ራይትስ ነትዎርክ (Migrants' Rights Network (MRN)), ፣ ኦፐን ራይትስ ግሩፕ (Open Rights Group) ፣ ፕሮጀክት 17 (Project 17), ቪክቲም ሳፖርት ከምኡ ውን ዌልሽ ረፍዩጂ ካውንስል (Victim Support & Welsh Refugee Council)

**ምስጋና ን**: ጂን ደማርስ፣ ጆይንት ካውንስል ፎር ዘ ዌልፌር ኦፍ ኢሚግራንትስ (JCWI)፣ ስቶፕዎች፣ ስቶፕ ሀይት ዓባይ ብሪጣንያ፣ ሪስፖንድ ክራይስስ ትራንስሌሽን

ነዚ ሓበሬታ ንምጽሓፍ እዞም ማሕበራት ብሓደ ተጠርኒፍና፣ ምኽንያቱ ህላወና ንምክልኻልን ንምምዕባልን መሰላት ናይ ኩሉ ስደተኛ ስለ ዝኾነ።  ሕግታት ብኸመይ ይጸልወኩም ንክትርድኡን እንታይ ክትገብሩ ከም ትኽእሉ ንኽትፈልጡን ክሕግዘኩምን ድማ ተስፋ ንገብር።

# መእተዊ

እዚ ሓበሬታ ንኩሉኹም ስደተኛታት ተቐማጦ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ዶኩመንት (ሰነድ) ዘይብልኩምን ናይ ኢሚግሬሽን ወረቐትኩም ሕጋውነት ኣብ ምልባስ ትርከቡን ከምኡ ውን ንደልይቲ ዑቕባ ኢሉ ዝተዳለወ እዩ።

እዚ ሓበሬታ ኣብዚ ቀጻሊ ዝቀያየር ዘሎ ሕግታት ናይ ኢምግሬሽን ኩነታት መሰልኩም ንክትፈልጡ (ክትርድኡ) ዝሕግዝ እዩ። ዝኾነ ብሪጣንያዊ ምኺኑ መርትዖ(መረጋግጺ) ዘይብሉን ወይ ንዝይተወሰነ ግዜ ዘጽንሕ ፍቃድ ዘለዎን ጠቃሚ እዩ፣ ንኣብነት ፓስፖርት ወይ ናይ ኢምግሬሽን ሰነዳት ምስ ዘይህልወካ። ካልኦት ዓይነት ስደተኛታት፡ ከም ናይ ሕብረት ኤውሮጳ፣ ናይ ዑቕባ፣ ናይ ዝተወስነ ግዜ መጽንሒ ፍቃድ ዝለዎም ዝኣመሰሉ ሰባት ውን ጠቃሚ ኮይኑ ክረኽብዎ እዮም።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት፣ መንግስቲ ንመነባብሮ ስደተኛታት ብምትራር ብዘይ ፍርሒ ናይ ቁጽጽር ኢምግሬሽን ናይ ምጥራዝ ስግኣትን ኣብቲ ሃገር ንኸነብሩ ከቢድ ጌርዎ ይርከብ። መንግስቲ ብዙሓት ንብሪጣንያ ክገድፍዋ(ክወጹ) ንኽግደዱ ተስፋ ይገብር። ካልኦት ሰባት ናብ ብሪጣንያ ምምጻእ ትስፋ ክቆርጹ ይደሊ።



→ # መንግስቲ እንታይ ይገብር ኣሎ

- ዘይተመዝገቡ ስደተኛታት ካብ'ቲ ናይ ዕለታዊ መነባብሮ ክገብርዎ ዘለዎም ንቡር ሂወት ንኽመርሑ ከም፣ ስራሕ፡ ናይ ባንኪ ሕሳብ፡ ማኪና ምዝዋር፡ ገዛ ምክራይ ደው ከብሎም ይፍትን።

- ንገለ ስደተኛታ ብዘይካ ንቀዳማይ ረዲኤት (ኢመርጀንሲ) ንካልእ ክንክን ሕክምና ኣቀዲሞም ንኽኸፍሉ ይሕተቱ (ብስፍሕ ዝበለ ኣብ ናይ ጥዕና ክፋል ርአ)

- ንሓካይም (ዶክተራት) ፡ነርሳት፡ ባንክታት፡ ዋና ገዛታት፡ ኣስራሕትን ንሰነዳት ንይ ሰባት ክቆጻጸሩ ይሓትት

- ኣብ ገለ እዋናት ሆም ኦፊስ ካብ ካልኦት ናይ መንግስቲ ጨንፈራት ንዘይተመዝገቡ ስደተኛታት ንክረኽቡ ዝሕግዝ ሓበረታ ይመጾም

## ኣብዚ ሓበሬታ ዝግለጹ

1. መሰላትካ እንታይ ኢዮም
2. ምቅይያራት ኣብ ሕጊ ብኸመይ ይጸልወካ
3. ብድሆታት ምስ ዘጋጥሙኻ እንታይ ክትገብር ከም ዘለካ
4. ንሓገዝን ምኽርን ናበይ ክትከይድ ክምትኽእልን

# ባንኪ





# ባንኪ

## ኣንታይ ኣሎ ሓድሽ

ባንክታት ከምኡ ውን ብዩልዲንግ ሶሳይትን (building societies) ኣብ ካልእ ሃገር ኮይኑ ናብ ዓባይ ብሪጣንያ ዘእቱ ፍቃድ ዘይብሉ  ወይ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ኮይኑ ናይ መጽንሒ ፍቃድ ንዘይብሉ፣ ቁጽሪ ሕሳብ ባንኪ ክኸፍቱ ኣይፈቅደሎምን እዩ።

ባንክታት ወይ ውን ብዩልዲንግ ሶሳይትን (building societies) ቁጽሪ ሕሳብ ንይ ባንኪ ምኽፋት ምስ ዝኣቡይኻ፣ እቲ ምኽንያት ክነግሩኻ ኣለዎም።

ካብ 30 ጥቅምቲ 2017, ባንክታት ከምኡ ውን ብዩልዲንግ ሶሳይትን (building societies)ኣብ ነፍሲ ወከፍ 3ተ ወርሒ ናይ ኢምግሬሽን ምቁጽጻር ኣብ ዓማዊል ክገብሩ ኣለዎም። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ብዛይ ፍቃድ ምህላውካ እንተ ፈሊጦም ናብ ሆም ኦፊስ ክሕብሩ ይግደዱ።

### እዚ እንተ ኣጋጢሙ ሆም ኦፊስ ክገብሮ ዝኽእል

- ናይ ባንኪ ሕሳብካ ንኽድስክል ንቤት ፍርዲ ይሓቱ። እዚ ማለት ሕሳብካ ንዝተወሰነ ግዜ ክትጥቀመሉ ኣይትኽእልን።
- ነቲ ባንኪ ሕሳብካ ክም ዝዓጽዎ ይገብርዎ።

ኣብ ግንቦት 2018 መንግስቲ ንምዕጻው ናይ ገንዘብ ሕሳብ ኣብ ባንክታት ደው ከም ዝብል ጌርዎ። ካብ ሽዑ ንደሓር ድማ ምዕጻው ናይ ገንዘብ ህሳብ ኣብ ባንክታት ከምዝቐጸለ ዝሕብር ወይ ዝእንፍት ዝኾነ ነገር የለን

እንተኾነ፣ ባንክታት ወላ ሕጂ ውን ተኾነ ንኹሉ ቁጽሪ ሕሳብ ናይ ኢምግሬሽን ምቝጽጻር ኣብ ንፍሲ ወከፍ 3ተ ወርሒ ይገብሩ፣ዝኾነ ሰባት ኣብ ብሪጣንያ ብዘይ ፍቓድ ይነብሩ ኣለዉ ዝብል እምነት ምስ ዝህልዎም ናብ ሆም ኦፊስ ይሕብሩ።

## ሓድሽ ናይ ባንኪ ቁጽሪ ሕሳብ ንምክፋት ዝኾነ ፍሉይ ነገር ኣሎ ድዩ፧

ሆም ኦፊስ ስለምንታይ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ክትወጽእ ክም ዘይትኽእል ብቁዕ ምኽንያት ኣለካ ኢሎም እንተ ወሲኖም፣ ከምቲ ዝብልዎ "ብቑዕ ከልካሊ" ካብ ብሪጣንያ ንምውጻእ፣ ወላ መንበሪ ወይ መእተዊ ፍቃድ ምስ ዘይህልወካ ናይ ባንኪ ቁጽሪ ሕሳብ ክትከፍት ክፍቀደልካ ትኽእሎታት ኣሎ።

ሆም ኦፊስ "ብቑዕ ከልካሊ" እንታይ ምኻኑ ኣይገልጽዎን ኢዮም። ቅድሚ ሆም ኦፊስ ምሕባርካ ሕጋዊ ምኽሪ ክትርከብ ኣለካ።

## ባንኪ ጌጋ ተፈጺሞም እንታይ ክገብር ይኽእል

ኣብ ብሪጣንያ ብ ሕጋዊ መንገዲ እንድሕር ኣለኻ ኮይንካ ወይ ስለምንታይ ናይ ባንኪ ቁጽሪ ሕስብ ክትሕዝ ክም ዘለካ ዝነግር ምኽንያት ምስ ዝህልወካ ብቐጥታ ጥርዓን ናብ ሆም ኦፊስ ክትገብር ኣለካ። ቅድሚ ከምኡ ምግባርካ ግን ሕጋዊ ምኽሪ ክትረክብ ኣለካ።

ባንክኻ ንሕሳብካ ምስ ዘደስክሎ ክትጠርዕ (ክትሓትት) መሰልካ እዩ ግን ኣቀዲምካ ሕጋዊ ምኽሪ ክትሓትት ኣለካ።



## ባንኪ ጌጋ ምስ ዝገብር እንታይ ክገብር ኣለዎ

ቁጽሪ ሕሳብ ንኽትሕዝ ዘፍቅድ ምርትዖ ከልካ እቶም ባንክ፣ ቁጽሪ ሕሳብ ክትከፍት ምስ ዝኽልኩሉኻ፣ ምስ ሆም ኦፊስ ክራኸቡ ኣለዎም። መርትዖታት ከም ፓስፖርት፡ዓሸራ ናይ መንበሪ ፍቃድ ወይ ካልእ ሰነዳት ንስኻ ኣብ ብሪጣንያ ክትቅመጥ ከም ትኽእል ዝሕብሩ የጠቃልል። ወላ እዚ ሰነዳት ኣቅሪብካ ከለኻ እቶም ባንክ ቁጽሪ ሕሳብ ምኽፋት ምስ ዝኽልኩልኻ፣ ሕጋዊ ምኽሪ ሓቲትካ ንሆም ኦፊስ ባዕልኻ ርኸቦም።

ባንክኻ ንሕሳብካ ምስ ዝዓጽውዎ ንስኻ ከኣ ክዕጾ ከም ዘይብሉ መርትዖታት ምስ ተቅርብ፣ ባንክኻ ንሆም ኦፊስ ብዛዕባ ቁጽሪ ሕሳብካ ክሓቱ ኣለዎም።


ንዝያዳ ሓበሬታን ሓገዝን

መርበብ መሰል ስደተኛታት

020 7424 7386

07534 488696

ካብ ሶኒ - ዓርቢ 9፡30 ቅ.ቀ - 5፡30 ድ.ቐ

Info@migrantsrights.org.uk

www.migrantsrights.org




# ዲጂታላዊ መሰላት



# ዲጂታላዊ መሰላት

## እንታይ የጋጥም ኣሎ፧

ንሓደ ውልቀ ሰብ ናይ ዝተፈላለዩ መሰላት ቀረብ ኣለዎ ኣብ ትሕቲ ምክልኻል ፋይል(ዳታ) ብ ኣዋጅ 2018 ዝኾነ ዘተሓሳስብ እንተሃልዩ እዚ ሕጊ ሓጋዚ ይገብሮ ገለ ካብቶም ከተሓሳስቡ ዝኽእሉ ነገራት፣

- ወልቃዊ ፋይልካ(ዳታኻ) ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ምስ ኣብ ጥቕሚ ምስ ዝውዕል
- ክእረም ዘለዎ ጊጋ ኣብ ውልቃዊ ፋይልካ(ዳታኻ) ምስ ዝህሉ
- ንውልቓዊ ፍይልካ(ዳታኻ) ክትድምስሶ ውይ ክትሓጽሮ(ክትቅይዶ) ምስ ዝንገረካ ወይ ምስ ትደሊ።
- ግዳይ ናይ፣ ካብ ዓሌትዊ ወይ ድሕረባይታዊ ዝተመርኮሰ ግምታዊ ውሳኔ ወይ ብኮምፕዩተር ሶፍትዌር(ሪኡ ዝውስን ሰብ ዘይብሉ ኮምፒዩተር ጥራይ ትገብሮ ስራሕ) ዝግበር ውሳኔ ምስ ትኸውን

## ኣንታይ እዮም መሰላተይ፧

ሓደ ውልቀሰብ ካብ ትቆጻጸርቲ ፋይል (ዝኾነ ምሕበር(ጉጅለ) ውልቃዊ ፋይልካ(ዳታኻ) ዘለዎም ክም ናይ ከባቢኻ በዓል መዚ (ሓላፊ)፡ ኣስራሒኻ፡ ዋና ገዛኻ፡ ሓኪምካ ወይ ቤት ትምህርትኻ) ከረጋግጾ ዝለዎ መሰል ፋይሉ(ዳትኡ) ተጻርዩ ድዩ ኣይተጻረየን፣ ኣበይ እዩ'ኸ ተጻርዩ ንኽተረጋግጽ መሰል ኣለካ። ፍቃድ ናይ ውልቃዊ ፋይልን እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታን

## ክትቅበሎም ዘለካ ሓበሬታ

1. **ንምንታይ ፋይልካ(ዳታኻ) ይጻረ ኣሎ እንታይ ዓይነት ወልቃዊ ፋይል (ዳታ) ኢዮምከ ዘጻራዩ ዘለዉ።**

2. **ንኸንደይ ዝኣክል ግዜ እዮም ውልቃዊ ፋይልካ(ዳታኻ) ክኸዝንዎ(ከቀምጥዎ)**

3. **እቲ ካልእ መሰልካ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር(ምሕላው) ፍይል(ዳታ) ሕጊ ኣዋጅ2018**-ናይ ምእራም ዘለካ መሰልካ፡ምድምሳስ ምቅያድ ናይ ምጽራይ፡ወይ ንምጽራይ ወልቃዊ ፋይልካ(ዳታኻ) ዘሎ ምቅዋም።

4. **ናብ መን ክትጠርዕ ከም ትኽእል**- ምስ ዝቆጻጽረካ ሓላፊ (ዝምልከቶ ኣካል) ኮይንካ ዘለካ ናይ ምጥራዕ መሰል።

5. **ውልቃዊ ፋይልካ(ዳታኻ) ካባኻ ተዘይ ረኺቦሞ፡**ካብ መን ክም ዝረኸብዎ- ዝኾነ ሓበሬታ ብዝዕባ'ቲ ሓበሬታኻ ዝሃቦም ኣካል።

6. **ዝኾነ ውሳኔ ብዛዕባኻ ብሓገዝ ኮምፕዩተር(algorithm) ዝተወሰነ ኣሎ ድዩን፣ ሓበሬታ ብኸመይ እቲ ውሳኔ ከም ዝተገብረን፣**- ብኮምፒዩተር ዝተገብረ ውሳኔ ከሙውን ካብ ዓሌትዊ ወይ ድሕረባይታዊ ዝተመርኮሰ ግምታዊ ውሳኔ፣ ኣብ ገለ ኣጋጣሚ ከኣ ኣገዳሲ ሓበሬታ ብዛዕባ እቲ ምሳኔን ኣገዳስነትን ከምኡውን ግምታዊ ሳዕቤን ናይቲ ፋይል(ዳታ)



ቅዳሕ ናይ ኣብ መስርሕ ዝርከብ ውልቃዊ
ሓበሬታኻ/ኺን ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ
ሓበሬታን ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ንኽትቅበል/ሊ
ምሉእ መሰል ኣለካ/ኪ።

## ኣብቲ ሒዞሞ ዘለዉ ውልቃዊ ሓበሬታ ጌጋ ይርኣየኒ ኣሎ፡እንታይ ክገብር ይኽእል፧

(ብ ዓንቀጽ 16 ናይ GDPR)መሰረት፡መኣረምታ ናይ ብተቐጻጸርቲ ተታሒዙ ዘሎ ግጉይ ውልቃዊ ሓበሬታ ናትካ/ኪ ብዘይ ዝኾነ ዘየድሊ ምድኑጋያት ክትቅበል/ሊ ምሉእ መሰል ኣለካ/ኪ።ነዚ ንምትግባር ድማ ናብ ተቖጻጻሪ/ሪት መግለጺ ብምቕራብ'ዩ።ተቖጻጻሪ/ሪት ድማ ነቲ መኣረምታ ንዓኻ/ኺን ንኩሎም ነዚ ሓበሬታኻ/ኺ ዘቕረበሎም/ትሎም ካልኦት ማሕበራትን ክረድኣኩም/ትኩም ኣለዎ/ዋ፡እዚ ድማ ዘይመጣጠን ጸዓት ወይ ጻዕሪ ዘይሓትትን ንክረድኣኩም/ተረድኣኩም ዘሸግር እንተ ዘይኮይኑን ማለት'ዩ።ተቖጻጻሪ/ሪት፡እተን ካልኦት ማሕበራት መን ምዃነን ንክትፈልጥ/ጢ እንተ ጠሊብካ/ኪ ድማ መንነት ናይተን ማሕበራት ንምግላጽ ግዴታ ኣለዎ/ዋ።

## ንውልቃዊ ሓበሬታይ ክድምስስ፡ምምስራሕ ናይ ውልቃዊ ሓበሬታይ ክገትእ ወይ ክቃወም እደሊ።

እቲ ዘረከብካዮ/ክዮ ውልቃዊ ሓበሬታ ንዘረከብካሉ/ክሉ ምኽንያት ኣገዳስነት ወይ ኣድላይነት እንተ ዘይብሉ ኮይኑ ምድምሳስ ናይ ውልቃዊ ሓበሬታኻ/ኺ ክትጠልብ/ቢ ምሉእ መሰል ኣለካ/ኪ(ናይ ምርሳዕ መሰል)(ዓንቀጽ 17) ወይ ድማ እቶም ነቲ ሓበሬታ ዝከተታተሉ ዘለዉ ተቖጻጸርቲ ብመሰረት ፍቓድካ/ኪ ስለ ዝሰርሑ ፍቓደኛ እንተ ዘይኮንካ/ኪ ናይ ምምስራሕ ወይ ምክትትታል መሰል ስለ ዘይብሎምን ምክትታሎም ወይ ምምስራሕ ናይቲ ሓበሬታ ዝድግፍ ሕጋዊ ባይታ ስለ ዘይብሎምን ምምስራሕ ደው የብሉ ማለት'ዩ።

ንምምስራሕ ናይቲ ሓበሬታ ገደብ ክትገብረሉ/ርሉን ምምስራሕ ንከተቋርጽን ምሉእ መሰል ኣለካ/ኪ(ዓንቀጽ 18) ንኣብነት እቲ ውልቃዊ ሓበሬታኻ/ኺ ጌጋ ኣለዎ ኢልካ/ኪ እንተ ተሟጊትካ/ኪ እቲ/ታ ተቖጻጻሪ/ሪት ነዚ ከረጋግጽ/ተረጋግጽ ኣለዎ/ዋ።

ምምስራሕ ናይ ሓበሬታኻ/ኺ ክትቃወም ምሉእ መሰል ኣለካ/ኪ።እዚ ድማ እቲ ውልቃዊ ሓበሬታኻ/ኺ ንፍሉይ ምኽንያት ይምስራሕ እንተ ኣሎ፡

- ከም ሓደ ዕማም ኣብ ናይ ህዝባዊ ኣገዳስነት ወይ ምልምማድ ናይ ወግዓዊ ሓላፍነት ምምስራሕ ክግበረሉ'ዩ(ህዝባውያን ሓለፍቲ ንውልቃዊ ሓበሬታኻ/ኺ ኣብ ትሕቲ እዚ ኣሰራርሓ ምምስራሕ ከካይዱሉ እዮም።)

- ተቖጻጻሪ/ሪት ንዝኽተሎም/ትኽተሎም ኣድለይቲ ረብሓታት ቅቡል ምኽንያት እዩ(እዚ ንህዝባዊ ዕማም ወይ ንጥፈት ግን ቅሩብ ኣይኮነን።)

ክትቃወም/ሚ እንተ ኮንካ/ኪ፡እቲ/ታ ተቖጻጻሪ/ሪት ነቲ ኣብ መስርሕ ዝርከብ ሓበሬታኻ/ኺ ክቕጽል መሰረታዊ መሰላትካ/ኪ ዝዕብልልን ዘቕረቦ/በቶ ምኽንያት ቅቡል ከምዝኾነን ዘረጋግጽ ምስ ዝኸውን'ዩ።

## እቲ ብዛዕባይ ዝተመሓላለፈ ውሳኔ ብኣውቶማቲካዊ መንገዲ ከምዝተሓላለፈ ተነጊሩኒ ኣሎ

ንስኻ/ኺ ንብኣውቶማቲካዊ መንገዲ ዝተመሓላለፈ ውሳኔ ንኸይትቃላዕ/ዒ ምሉእ መሰል ኣለካ/ኪ።እዚ ድማ ብተመሳሳሊ ኣገዳሲ ሳዕቤን ወይ ውጽኢት ምስ ዝህልዎ ጥራይ'ዩ።



እቲ/ታ ተቖጻጻሪ/ሪት ኣብ ናይ ዉሽጣዊ ጉዳያት ቤት ጽሕፈት እንተ ኣሎ/ላ ኮይኑ/ና፡ኩሉ እቲ ዘድሊ ሓበሬታ ክሕብሩኻ/ኺ ኣለዎም፡ከምኡ ውን ኩሎም ተቖጻጸርቲ ኣንጻር እቲ ንሓበሬታኻ ዝእግድ ውሳኔ ጥርዓን ንኸተቕርብ/ቢን ክትቃወም/ሚን ምሉእ መሰል ከምዘለካ/ኪን ክሕብሩኻ/ኺ ግዴትኦም'ዩ።

## ንተወሳኺ ደገፍን ሓበሬታን ንመን ክውከስ ይኽእል፣

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝርከብ ናይ ሓበሬታ ኮሚሽነር ቤት ጽሕፈት ተቖጻጻሪ ሕጊ ምክልኻል ናይ ሓበሬታ ከምዝኾነን ናይ ነፍሲ ወከፍ ውልቀ ሰብ ጥርዓን ድማ ክቕበል ይኽእል።

ማሕበራት ከም ብዓል ፎክስ ግሎብ፡ኦፐን ራይትስ ግሩፐን ፕራይቨሲ ኢንተርናሽናልን ንናይ ስደተኛታት ማሕበራት ንምሕጋዝን ተወሳኺ ደገፍ ንምሃብን ይሰርሓ ከምዘለዋን ደገፍ ከህባ ድማ ሕጉሳት እየን።

ኦፐን ራይትስ ግሩፕ ድማ  ጉዳይካ/ኪ ብናይ ወጻእተኛታት መሕረት ናይ ምግባር መስርሕ ከይጽሎ እንተ ዘስግኣካ/ኪ ኮይኑ ብፍሉይ ንሓገዝ ንኽበርክት ተገዳስነት ኣለዎ።

→

### ንተወሳኺ ሓበሬታን ደገፍን

ብዛዕባ ዲጂታላዊ መሰላትን ናይ ሓበሬታ ምክልኻልን ዝኾን ሓበሬታ ንምሃብ ይክኣል'ዩ፡

**ኦፐን ራይትስ ግሩፕ**

0207 096 1079

immigration@openrightsgroup.org



# ምምራሕ ተሽከርካሪት



# ምምራሕ ተሽከርካሪት

## እንታይ ሓዲሽ ነገር ኣሎ፧

ካብ 2014 ንደሓር፡ ናይ ምምራሕ ተሽከርካሪትን ናይ መምርሒ ፍቓድን ወኪል(Driving and Vehicle Licence Agency,DVLA) ሕጋዊ ነባሪ ናይ ዕዲ እንግሊዝ እንተ ዘይኮንካ/ኪ፡ናይ መምርሒ ፍቓድ ወረቐት ክህበካ/ኪ ኣይክእልን'ዩ።እዚ ድማ ንኩሎም leave to remain ወይ leave to enter ፍቓድ ዘይብሎም ሰባት'ዩ ዝምልከት።

DVLA ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ብዘይ ሕጋዊ ፍቓድ ትነብር ከም ዘለኻ/ኺ እንተ ጠርጢሩ መምርሒ ፍቓድካ/ኪ ክሰርዞ ይኽእል'ዩ።DVLA ንመምርሒ ፍቓድካ/ኪ ከምዝሰረዞ ክሕብረካ/ኪ ግዴታ የብሉን።እዚ ድማ ዝተሰረዘ መምርሒ ፍቓድ ሒዝካ ከምዘለኻ ክሳብ ብፖሊስ ትተሓዝ/ዚ ኣይክትፈልጥን ኢኻ/ኺ።

## ፖሊስ እንታይ ስልጣን ኣለዎም፧

ፖሊስ ንዝኾነ መራሒ ተሽርካሪት ኣብ ዝኾነ እዋን ብዝኾነ ምኽንያት ደው ከብሉ ስልጣን ኣለዎም።እዚ ድማ ብዘይ ዝኾነ ምኽንያት ዋላ ዝኾነ ነገር ከምዝገበርካ እንተ ዘይጠርጢሮም ደው ከብሉኻ ስልጣን ኣለዎም።

ተሽከርካሪት እንዳ መራሕካ/ኪ ከለኻ/ኺ ፖሊስ ደው እንተ ኣቢሎምኻ/ኺ፡ነዘን ዝስዕባ ሰነዳት ከተቕርብ/ቢ ክሓቱኻ/ኺ ይኽእሉ እዮም።

- መምርሒ ፍቓድ
- ናይ መድሕን ምስክር ወረቐት(insurance certificate)
- ናይ ሚኒስትሪ መጓዓዝያ ምስክር ወረቐት(MOT certificate)

እዘን ዝስዕባ ሰነዳት ምሳኻ/ኺ እንተ ዘይብልካ/ኪ፡ኣብ ውሽጢ 7 መዓልታት ናብ መደበር ፖሊስ ክትወስዶ/ድዮ ኣለካ/ኪ።ናብ መደበር ፖሊስ ኣብ ውሽጢ 7 መዓልታት እንተ ዘይወሲድካዮ ሕጊ ትጥሕስ/ሲ ከምዘለኻ/ኺን ናብ ቤት ፍርዲ ክትውሰድ/ዲ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ።

ፖሊስ ኣልኮል ሰቲኻ/ኺን ኣይሰተኻን/ኺን መረጋገጺ ናይ ኣልኮል መጠን መዐቀኒ መርመራ ክገብሩልካ ይኽእሉ'ዮም።ነዚ መርመራ ምግባር እንተ ኣቢኻ/ኺ ሕጊ ትጥሕስ/ሲ ከም ዘለኻ/ኺን ናብ ቤት ፍርዲ ክትውሰድ/ዲ ትኽእል/ሊ ኢኺ።

ፖሊስ መድሕን (insurance) የብልካን/ክን ኢሎም እንተ ሓሲቦም፡ክሳብ መድሕን (insurance) ከምዘለካ/ኪ ተረጋግጽ ተሽከርካሪትካ ክወስዱዋ ይኽእሉ'ዮም።

## ፖሊስ ደው እንተ ኣቢሎምኒ እንታይ ክብል ኣለኒ፧

ብዛዕባ ናይ ስደተኛ ኩነታትካ/ኪ ብፖሊስ ዝቐርበልካ/ኪ ሕቶ ክትምልስ/ሲ ኣይትግደድን ኢኻ/ኺ።

እንተ ሓቲቶም ስምካ/ኪ፡ኣድራሻኻ/ኺን ዕለት ልደትካ/ኪን ንፖሊስ ክትሕብር/ሪ ኣለካ/ኪ።ስምን ኣድራሻን ናይ ዋና እታ ተሽከርካሪት ድማ ክትሕብር/ሪ ኣለካ/ኪ።እዚ ዝተጠቕሰ ሓበሬታ ክትህብ/ቢ እንተ ዘይክኢልካ/ኪ ሕጊ ትጥሕስ/ሲ ትህሉ ከም ትኽእል/ሊን ናብ ቤት ፍርዲ ድማ ክትውሰድ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ።

ፖሊስ  ከቢድ ገበን ፈጺምካ/ኪ ኣለኻ/ኺ ኢሎም እንተ ሓሲቦም፡ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከእትዉኻ ይኽእሉ'ዮም።እዚ ኣንተ ኮይኑ እቲ ጉዳይ ፖሊስ ነዚ ዝስዕብ መግለጺ የውጽኡ፡"ዝኾነ ነገር ክትብል ኣይትግደድን/ዲን ኢኻ/ኺ።ስቕታኻ/ኺ ግን ድሓር ነቲ ኣብ ቤት ፍርዲ እተቕርቦ መካትዒ ነጥቢ ክሃስዮ ይኽእል'ዩ።ዝኾነ ዝተዛረብካዮ/ክዮ ወይ ዘበልካዮ/ክዮ ነገር ግን ከም መርትዖ ክትሓዝ ይኽእል'ዩ።"ብድሕሪኡ ድማ ናብ መደበር ፖሊስ ክወስዱኻ/ኺ ይኽእሉ እዮም።ኣብቲ መደበር ፖሊስ ድማ ጠበቓ ብነጻ ብኣካል ወይ ብተሌፎን ክትውከስ/ሲ ጠለብ ከተቕርብ/ቢ መሰል ኣለካ/ኪ።ኩሉ ግዜ ጠበቓ ክትውከስ/ሲ ክትጠልብ/ቢ ኣለካ/ኪ፡ከምኡ ውን ብፖሊስ ንዝመጸካ/ኪ ጠበቓ ካብ ምውካስ ክትቁጠብ/ቢ የብልካን/ክን።ብዘይ ናይ ጠበቓኻ/ኺ ማዕዳ ወይ ምኽሪ ድማ ንፖሊስ ካብ ምዝራብ ተቖጠብ/ቢ።

## → ናይ ተሽከርካሪት መምርሒ ፍቓደይ ከምዝተሰረዘ ብኸመይ የረጋግጽ፣

**ናይ ተሽከርካሪት መምርሒ ፍቓድካ/ኪ ሓበሬታ ንምሃብ ወይ ንምክፋል፡**

www.gov.uk/view-driving-licence0300 083 0013
ሶኒ - ዓርቢ 8 ቅ.ቀ - 7 ድ.ቐ
ቀዳም 8ቅ.ቀ to 2ድ.ቐ



# መምርሒ ፍቓደይ ንምስራዝ ዝተወስደ ውሳኔ ክማጎት ወይ ክቃወም ይኽእል’ዶ፧

ኣብ ቅድሚ ዳኛ ንመምርሒ ፍቓድካ/ኪ ንምስራዝ ዝተወስደ ውሳኔ ክትማጎት ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ።

## ንተወሳኺ ደገፍን ሓበሬታን

**ሊበርቲ**

0845 123 2307

020 3145 0461

ሶኒ-ሓሙስ 6:30 ድ.ቐ–8:30 ድ.ቐ
ረቡዕ: 12:30 ድ.ቐ–2:30 ድ.ቐ

https://www.libertyhumanrights.org.uk/



# ትምህርቲ





# ትምህርቲ

## እንታይ ኣሎ ሓዲሽ፧

ኩሎም ኣብ ብሪጣንያ ዝነብሩ ትሕቲ 16 ዝዕድሚኦም ቆልዑ፡ናይ ስደተኝነት ኩነታቶም ብዘየገድስ፡ ትምህርቲ ንክመሃሩ መሰል ኣለዎም።

## እንታይ ይፍጸም ኣሎ፧

ካብ 2016 ፣ ከም ኣካል ናይ’ቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝግበር ዝነበረ ቈጸራ ተመሃሮ ፡ካብ 5 - 19 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ናይ ዜግነትን ዝተወለዱሉ ሃገርን ሓበሬታ ንምእካብ ፡ቤት ትምህርትታት ብክፍሊ ትምህርቲ ይሕተታ ነይረን። ኣብ ሚያዝያ 2018 ፣ ድሕሪ ናይ ክልተ ዓመት ጎስጓስን ሕጋዊ ስጉምቲን፡ ድሕሪ ደጊም ኣብያተ-ትምህርቲ ነዚ ሓበሬታ ክእከባ ከምዘይኮና ክፍሊ ትምህርቲ ገሊጹ ። ይኹን’ምበር ፣ ነቲ ካብ 2016 ክሳብ 2018 ዝተኣከበ ሓበሬታ ከምዘይሰርዞ ይገልጽ ።

ቤት ትምህርቲ ንውላድካ ዜግነቶም ወይ ናይ ትውልዲ ሃገሮም ክሓቱ የብሎምን። ከምኡ እንተ ገይሮም ፣ “ኣይፋል” ትብል መሰል ኣሎካ ።

ካልእ ብናይ ቤት ትምህርቲ ቆጻራ ህዝቢ ዝእከብ ውልቃዊ ሓበሬታ (ንኣብነት ናይ ገዛ ኣድራሻ) ኣብ ሃገራዊ ናይ ተመሃሮ ዶክመንት ሰፈሩ ይርከብ ። በዚ ሓበሬታ’ዚ ፣ ኣሰሩ ክስዕቡኻ እንተፈቲኖም ፣ ምስ ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ክካፈሉዎ ይኽእሉ እዮም።

## እዚ ስለምንታይ ኣጸጋሚ ኮይኑ ፧

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ፡ ሆም ኦፊስ ንኩለን መምበሪ ፍቓድ ዓባይ ብርጣንያ ዘይብለን ስድራቤታት ዳግመ-መርመራ ንምጅማር፡ ብናይ ቤት ትምህርቲ ቆጸራ ዝተኣከበ ሓበሬታ ይሓትት። ሆም ኦፊስ ድማ ንክፈሊ ትምህርቲ ማዕከንዴታ  ኣድራሻታት ናይ ብፍሉይ ዝተረቑሑ ሰባት ክሓትት ይኽእል እዩ።

## ናተይን  ናይ ትሕቲ-ዕድመ ደቀይን መሰላት እንታይ እዩ፧

ወለዲ ናይ ቆጸራ ቅጥዒ ኽመለኡ ግዴታኦም እዩ። እዚማለት ናይ መንበሪ ገዛ ኣድራሻ ከተቕርብ የድሊ።

ቤት ትምህርትታት ድማ ንትሕቲ ዕድመ ዝኮኑ ህጻናት ዜግነት ወይ ናይ ትውልዲ ሃገር ክሓታ ኣይግባእን።

ንስኻ ኮነ ትሕቲ ዕድመ ውሉድካ ናይ ውሉድካ/ኪ ፓስፖርት ኮነ መለለዩ መንነት ክትሕተት ኣይግባእን። ናይ ትሕቲ ዕድመ ውሉድካ/ኪ ዜግነት ወይ ውን ናይ ትውልዲ ሃገር ሓበሬታ ብመንግስቲ ተታሒዙ ዝብል ስክፍታ ምስ ዝህልወካ/ኺ ፡ ጥራዓን ከተቕርብ/ቢ ትኽእል/ሊ። ነዚ ክውን ንምግባር ንቤት ትምህርቲ ኤቢሲ ወይ ድማ ሊበሪቲ ተወከስ/ሲ።

ናይ ትሕቲ ዕድመ ውሉድካ/ኪ ኣድራሻ ሆም ኦፊስ ሒዝዎ ኣሎ እሞ፡ እዚ ድማ ንዓይ ኮነ ንውሉድይ ከይከታተሉና ዝብል ስክፍታታት ምስ ዝህሉ፡ ሕጋዊ ስጉምቲ ከተቕርብ/ቢ ይከኣል እዩ። ንተወሳኺ ሓበሬታ ሊበሪቲ ተወከስ/ሲ።

## ንተወሳኺ ሓበሬታን ደገፍን

**ኤገንስት ቦርደርስ ፎር ቺልድረን ( ቤት ትምህርቲ ኤቢሲ)**

www.schoolsabc.net

**ሊበርቲ**

0845 123 2307 / 020 3145 0461

ሶኒ-ሓሙስ 6:30 ድ.ቐ–8:30 ድ.ቐ

ረቡዕ: 12:30 ድ.ቐ–2:30 ድ.ቐ

https://www.libertyhumanrights.org.uk/



# ስራሕ



# ስራሕ

ዝኾነ ናይ ዓባይ ብርጣንያ ናይ ስራሕ ፍቓድ ዘይብሉ፡ ስራሕ ክትቆጽር ዘይሕጋዊ እዩ። መስርሒ ፍቃድ ዘይብልካ ክትሰርሕውን ሕጋዊ ኣይኮነን። ዝኾነ ኣስራሒ ድማ ናይ ሰራሕተኛታቱ ናይ ስራሕ ፍቓድ ሰነድ ከረጋግጽ ግዴታኡ እዩ።

## እንታይ ይኸውን ኣሎ፧

ናይ ኢሚግሬሽን መኮነናት ብዘይ ዝኾነ ውሕስነት ወይውን ናይ ጽሑፍ ፍቓድ ናብ ፍቑድ ናይ ስራሕ ቦታታት ብምእታው፡ ሰራሕተኛታት ክሰርሑ መሰል ኣልዎምን የብሎምን ከረጋግጹ ይኽእሉ እዮም።

**ፍቑድ ናይ ስራሕ ቦታታት ዝበሃሉ፡**

1. ናይ ኣልኮል መሸጢ ቦታታት፡ ንኣብነት  ቤት-መስተ፡ ባራት ፡ ክለባት ፡ ቤት-መግብታትን ካብ-ፍቓድ ወጹኣትን

2. ናይ ሕላፍ-ሰዓት እኽለ-ማይ መሸጢ ቦታታት። እዚ ማለት ውዑይ መስተን ውዑይ መግብን ኣብ መንጎ 11 ድ.ቀ. 5 ቅ. ቀ፡ ዋላኳ ኣብዚ ቦታታት ዘይሃልኽ እንተኾነ። ን ኣብነት ካፌታት ፡ ቤት-መግብታት ፡ ዝውሰድን

3. ናይ መዘናግዒ ቦታታት ከም ትያትራት፡ ሲነማታት፡ ናይ ውሽጢ መዘናጋዒ ማእኸላት፡ ናይ ጉስጢ፡ ናይ ሙዚቓ ምር ኢት ማእከላትን ክለባትን

4. ማሕበራዊ ፡ ስፖርታዊ ወይውን ፖለቲካዊ ክለባት

ኣስራሕትን ሰራሕተኛታትን  ሕጊ ብምጥሓሶም ከብየን ዝጸንሐ መቕጻዕቲ ውን ኣብ ቀረባ እዋን ወሲኹ ኣሎ።

## ኣሰራሕቲ ፡ ቕድሚ ዝኾነ ሰብ ምቑጻረይ እንታይ ከረጋግጽ የድልየኒ፧

ዝኾነ ሰብ ናይ ክሰርሕ መሰል ፍቓድ ከም ዘለዎ ከተረጋግጹሉ ዝኽእል ሰለስተ ደረጃታት ኣለዉ፡

- መለለዩ መንነት ብምሕታት ( ንኣብነት ፓስፖርት)
- ሰነዳቶም  ኣብ ህለው እዋን ቅቡል ምዃኑ ምርግጋጽ
- ቅዳሕ ሰነዳት ምውሳድን ኣብ ውሑስ ምዕቃብን። ዕለት ናይዚ መዝገብ ዝተጻረየሉን፡ ስም ናይቲ መጽራይ ዘተግበረ ሰብን ድማ ክስነድ የድሊ።

ሕጊ ኣሰራሕቲ ምጽራይ ክትግበርን  ክስነድን ከምዘለዎ ይነግር ግና ንናይ ኤሚግሬሽን መኮነናት ልዕሊ እዚ ምትሕብባር ኣየድልን.

## ኣሰራሕቲ፡ ናይ ኤሚግሬሽን ተግበርቲ ናብ ትካለይ ክበጽሑ ምስ ዝመጹ እንታይ ክገብር የድሊ፧

ናይ ኤሚግሬሽን ተግበርቲ ናይ ጽሕፈት ፍቓድ ምስ ዝህልዎም ጥራይ ናብ ትካልካ/ኪ ክኣትዉ ይክእሉ፡

- ናይቲ ዝደልይዎ ዘለዉ ሰብ  ስም ዘለዎ ፍቓድ
- ናይቲ ዝደልይዎ ዘልዉ ሰብ ስም ዘለዎ፡ ብሆም-ኦፊስ ተሓጋጋዚ ዳይሬክተር ዝተጻሕፈ ደብዳቤ

ኣብ ዝበዝሑ ጉዳያት ናይ ኤሚግሬሽን ተግበርቲ ንሰባት ናይ ፍቓድ ቅጥዒ ክታም ከምዘንብሩ ይገብሩ፡ እዚ ማለት ኣብቲ ብወለንታ ትገብሮ ስምምዕ ምርኩስ ብምግባር ናብ ትካል ኣትዮም ይፍትሹ። ነዚ ክታም እዚ ከተንብር/ሪ ዝኮነ ግዴታ የብልካን/ክን ከመኡውን ካብ ትካልካ/ኪ ክለቁ ብትሕትና ክትሓትት/ቲ ትኽእል/ሊ ( ኣቐዲሞም ኣትዮም ምስ ዝጸንሑ ). እዚ ምስ ዝኸውን፡ናይ ጽሕፈት ፍቓድ ሒዞም ድሕሪ ሒደት መዓልትታት ወይውን ሳምንታት ክምለሱ ከምዝኾኑ ክትትስፎ ትኽእል/ሊ።

ዝኾነ ናይ ጽሕፈት ፍቓድ ምስዘይህልዎም፡ናብ ትካልካ ክኣትዉ ከተፍቅድ/ዲ ግዴታ የብልካን/ክን።

## ኣስራሕቲ ፡ ናይ ስራሕ ፍቓድ ዘይብሉ ሰብ ከስርሕ እንተተረኺብኩኺ ፧

ዘይተሰነደ ሰራሕቴኛ ብምስራሕካ፡ ክሳብ 20,000 ኡሮ ክትቕጻዕ ትኽእል ወይውን ክሳብ 5ተ ዓመት ማእሰርቲ ክፍረደካ/ኪ፡ ወይውን ክልቴኡ። ክሳብ ሕጂ እዋን ናይ ስራሕ ፍቓድ ዘይብሉ ከስርሕ ዝተረኽበ ኣብ ማእሰርቲ ዝኣተወ የልቦን። ብተወሳኺ ናይ ኤሚግሬሽን መኮነናት ንብረት ክውስዱ ወይውን ትካል ክዓጽዉ ሓድሽ ስልጣን ኣለዎም።

መቕጻዕቲ ምስ ዝወሃበካ፡ ብቕጥታ ካብ ጠበቓ ሕጋዊ ምኽሪ ክትሓትት የድሊ። ዋላውን ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ከትስርሕ እንተተታሓዝካ፡ ይግባይ ክትብለሎም ዘኽእሉ ወይውን መቕጻዕቲ ዝጎድለሉ መገድታት ኣለዉ።

## <u>ስራሕተኛታት</u>፡ ናይ ‘ ስራሕ መሰል’ ምቁጽጻር እንታይ እዩ፧

ናይ ኢሚግሬሽን ሕግታት፡ ኣስራሕቲ ኣብ ናይ ኢሚግሬሽን ኩነታት ሰራሕተኛታትን፡ ስደተኛታትን ፡ ናይ ቤኤኤምኢ ድሕረ ባይታ ዘለዎም ብርጣንያውያንን ዘለዎም ሓላፍነት ኣዕቢይዎ እዩ። ኣስራሕቲ ናይ ‘ስራሕ መሰል’ ምቁጽጻር ክገብሩ የገድድ። ገለ ኣስራሕቲ ናይ ‘ስራሕ መሰል’ ንምምማይ፡ ኢምፕሎየር ቸኪንግ ሰርቪስ(ኢሲኤስ) ይጥቀሙ።

ናይ ኢሲኤስ ቑጽጽር ድማ ንናይ ኢሚግሬሽን ሕግታት ዘይምልከቶም ውልቐ ስባት ኣሉታ መረጋገጺ ምልክታታት የውጽእ። ኣብዚ መስርሕ ክጋጥም ዝኽእል ጌጋታት ድማ ኣብ ከቢድ ኩነታት ከእትወካ ይኽእል። ንናይ ‘ስራሕ መሰል’ ዝምልከት ሆም ኦፊስ ግጉይ ምኽሪ ክህብ ይኽእል እዩ። ናይዚ ውጽኢት ውን ናይ ኢሚግሬሽን ኬኢላታት ዘይኮኑ ኣስራሕቲ ስራሕ ጠጠው ከብሉኻ ወይውን ወዕል ስራሕ ብቕጽበት ክቓረጽ ይኽእል፡ ስለዚ ብዝተኻእለ መጠን ህጹጽ ምኽሪ ክትሓትት፡ብዛዕባ ናይ ኢሚግሬሽን ወይውን ስራሕ መሰላት ክትምሃር የድሊ።



## ስራሕተኛታት፥ ብዘይ ናይ ስራሕ ፍቓድ ኣብ ስራሕ እንተተረኺብኩኺ ፧

ብዘይ ናይ ስራሕ ፍቓድ ዝተረኽቡ ሰባት ኣታዊኦም ውይውን ንብረቶም ብመንግስቲ ክውሰድ ይከኣል እዩ። ገለገለ እዋን ውን ናይ ማእሰርቲ ወይ ምጥራዝ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል።

### ንተወሳኪ ሓበሬታን ሓገዝን

**ማይግራንትስ ራይትስ ኔትዎርክ ( ናይ ስደትኛታት መሰል መርበብ)**
020 7424 7386
07534 488696
ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ 9:30 ቅ.ቀ ክሳብ 5:30 ድ.ቀ
info@migrantsrights.org.uk
www.migrantsrights.org

**ኣንቲ-ረይድስ ኔትወርክ ( ጸረ-መጥቃዕቲ መርበብ)**
http://antiraids.net/immigration-checks- know-your-rights
(ብዝተፈላለዩ ቛንቛታት ኣሎ)

**በይል ፎር ኢሚግሬሽን ዲተይኒስ**
**( ዋሕስ ንናይ ኢሚግሬሽን እሱራት)**
020 3745 5226
( እንተ ተኣሲርካን ሓገዝ እንተኣድሊዩካን)



# ምዝመዘ



## ምዝመዛ

### ብዛዕባ ደሞዘይን ዝሰርሓሉ ኩነታትን ሻቕሎት ኣሎኒ። እንታይ ክገብር ፧

ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ ምዝመዛ ክትምኮር ትኽእል እንተደኣ

- ኣስራሒ'ኻ ዝተሰማማዕኩምሉ መጠን ክፍሊት እንተዘይከፈሉካ
- ናይ ስራሕ ፍቓድን ዕረፍትን ዘይወሃበካ እንተደኣ ኮይኑ
- ስራሕካ ብውሑስ መንገዲ ትዓየሉ መሳርሒ ዘይውሃበካ እንተደኣ ኮይኑ
- ኣብ ዘይውሑስን ዘይጽሩይን ኩነታት ትሰርሕ እንተደኣ ኮይንካ
- ምፍርራሕን ዓመጽን ምስ ዘጋጥመ'ኻ ወይውን ኣስራሒ'ኻ መለለዩ መንነትካ ወይውን ፓስፖርት'ኻ እንተወሰዶ

**ጋንግማስተርስ ኣንድ ሌቦር ኣቢዩዝ ኣውቶሪቲ ( ናይ ሽፍትነትን ሽቕለትን በደል ሰበስልጣን)**

ናይ ሰራሕተኛታት ምዝመዛ ኣብ ምክልኻል ሓላፍነት ዝወሰደ ናይ መንግስቲ ወኪል እዩ። መንነትካ/ኪ ከይሓበርካ/ኪ ክትውል/ሊ ይከኣል
0800 432 0804
intelligence@gla.gov.uk

ዘይሕጋዊ እንተኮንካ/ኪ፡ እዚ ዝበለጸ ኣማራጺ ዘይከኸውን ይከኣል እዩ።

ኣብ ከድዲ'ዚ ንተውሳኺ ሓበሬታን ደገፍን ንናይ ውልቺ ግብረ-ሰናይ ክትውከስ/ሲ እንተተደልዩ በዚ ደውል/ሊ

**ዘመናዊ ጊልያነት ሓገዝ መስመር ( ሞደርን ስሌቨሪ ሄልፐላይን) 0800 121 7000.**

ናይ ኢሚግሬሽን ኩነታትካ/ኪ ብዘይ የገድስ፡ ከም ብቑዕ ግዳይ ናይ ምዝመዛ ኣብ ዓባይ ብርጣንያ መጠን ኣብ መሰላትካ/ኪ ምኽሪ ክህቡካ/ኺ ይኽእሉ። ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ሓገዝ ይህቡ፡ ኩሉ ደወላት ዎን ብምስጢር እዩ ዝተሓዝ።

## ንተወሳኺ ሓበሬታን ሓገዝን

ብዛዕባ ናይ ስራሕ መሰልካ/ኪ ርግጸኛ እንተዘይኮንካ፡ናብ ኣካስ ዝበሃል ብመንግስቲ ዝካየድ ንስራሕተኛታትን ኣስራሕትን ኣብ ቦታ ስርሕ ዘጋጥሙ ጸገማት ኣብ ምፍታሕ ዝድግፍ ናይ ሓገዝ መስመር ክትውከስ/ሲ ይከኣል

**ኣካስ**

0300 123 1100

ww.acas.org.uk



ተወሳኺ ሓበሬታ ንናይ ስራሕ መሰላትካ ዝምልከት በዚ ክትረክቦ/ብዮ ይከኣል።

**ናይ ዓናይ ሎንደን ሰበስልጣን ናይ ሸቕለት መሰላት ማእከል፡ https://www.london.gov.uk/what-we-do/employment-rights-hub**

## ንተወሳኺ ሓበሬታን ደገፍን

**ምይግራንትስ ኣት ወርክ (ስደተኛታት ኣብ ስራሕ)**
https://migrant-at-work.webnode.co.uk/

**ለው ሰንተርስ ኔትወርክ (ናይ ሕጊ ማእከላት መርበብ)**
https://www.lawcentres.org.uk/about-law-centres/law-centres-on-google- maps/alphabetically

**ኣስተርን ኢሮፒያን ሪሶርስ ሰንተር (ምብራቕ ኤውሮጳ ምንጪ ማእከል)**
http://www.eeac.org.uk/

**ወርክ ራይትስ ሰንተርናይ (ስራሕ መሰላት ማእከል)**
https://www.workrightscentre.org/

**ካላያን (ዘቤታዊ ስራሕ)**
http://www.kalayaan.org.uk/

**ናይ ደቂ ኣንስትዮ መሰላት ኣገልግሎት ኣብ ላቲን ኣሜሪካ**
http://www.lawrs.org.uk/



# ናይ ጽልኢ ገበን



# ናይ ጽልኢ ገበን

ናይ ጽልኢ ገበን ወይ ናይ ጽልኢ ተኽሰቶ ክበሃል ከሎ፡ ዝኾነ ኣፋዊ ኮነ ግብራዊ ጽልኢ ኣንጻርካ ዝዓለመ ኮይኑ እዚ ድማ ብምኽንያት ናትካ ብሄር, ሃይማኖት, እምነት, ስንክልና, ካብ ዝተወለድካሉ ወጻኢ ጾታዊ መንነት ዝተፈለየ ወይ ጾታዊ ኣመለኻኽታ። እቲ ጽልኢ ንዓኻ ወይ ድማ ኣብ ካልእ ሰብ ክኸውን እንተርኢኻዮ ከተመልክት ኣለካ። ንሳቶም ኣባላት ስድራኻ, መሓዙትካ, ዝኾነ ዝተላለኻዮ ሰብ ወይ ድማ ዘይተፈልጦ ሰብ ክኸወን ይኽእል እዩ።

ናይ ጽልኢ ገበን ኣብ ዝኾነ ቦታ ከጓንፈካ ይኽእል እዩ, ኣብ ገዛኻ ኣብ ኣውተቡስ, ኣብ መናፈሻ ቦታ ከምኡ'ውን ኣብ ቤት ትምህርትን ዩኒቨርሲትን።

## ኣብነት ናይ ጽልኢ ገበን እንታይ እዮም፤

ሰባት ባዕሎም  ብዝፈረዱኻ ፍርዲ ኣንጻርካ ክፈርዱ ወይ ድማ ከጥቅዑኻ ይኽእሉ እዮም። እዚ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ቅቡል ኣይኮነን። ከምኡ ኣንተጌርካ ዘይሕጋውን ገበን ክቚጸር ይኽእል እዩ።  ኣብ ቤትካ, ኣብ ሕብረተሰብ, ከምኡ'ውን ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ናትካ መሰል እዩ ውሕስነት ክስምዓካ።

ንብዙሓት ሰባት ብዙሕ ዘይቅቡል  ነገራት  ከጓነፍ ይኽእል እዩ። ዝኾነ ሰብ ብዛዕባኻ ኣንጻረነት ወይ ድማ ፍርዲ ብግብሪ እንተተራእዮም እንተተጌሩ ናይ ገበን ተኽስቶ ክኸውን ይኽእል

**ንሳቶም ከምዚ ዝኣመሰሉ እዮም:**

- ክደፍኡኻን , ከሸገሩኻን ወይ ድማ ከፈራርሑኻን
- ዝኾነ ነገር ክድርበየልካን, ሕማቕ ጽሑፍ ተጻሒፉ ኣብ ፖስጣኻ ከቐምጡልካን, ወይ ምፍርራሕ ዘለዎ ኣቀራርባ ክገበረልካን
- ዘጽልእ ኣጣምታን ኣባኻ ዝዓለመን ዘይቃላዊ ምስሉየነት
- ክትጉነጽ , መውቃዕቲ ወይ ምቕላዕ
- ሕማቕ ስም ክወሃበካ, ብዝዕባኻ
- ክሰሓቕን ጨካን መስሓቕ ዳእላታት ክገበርን
- ንብረትካ ክበላሾን ክስረቕን
- ብጎረቤት ክትጥቃዕ
- ገዛኻ ክነደድን ምስ ጎረቤት ክትጋጮን
- ምውቃዕቲ ወይ ምድንዳን ብምኽንያት ስንክልናኻ, ዓሌት, ሃይማኖት, ካብ ዝተወለድካሉ ወጻኢ ጾታዊ መንነት ዝተፈለየ ወይ ጾታዊ ኣመለኻኽታ



## ናይ ጽልኢ ገበን እንተጓኒፉ ወይ እንተተዓዚበ እንታይ ክገብር ኣለኒ፧

- ዝኾነ ናይ ጽልኢ ገበን እንተጓኒፉ, እቲ ኩነታት ክተመልክት ኣገዳሲ እዩ። እቲ ዘጓንፍ ኩነታት ምሕባር ኣዝዩ ጽቡቕ እዩ ምኽንያቱ ነቲ ዘጓንፍ ናይ ጽልኢ ገበን ከይቅጽልን ከምኡ’ው ንፓሊስ ነቲ ዝኸሰት ኩነታት ናይ ጽልኢ ገበን ምላሽ ክህቡ ይሕግዞም።

እቲ ኩነታት ህጹጽ እንተኾይኑ ን ንፓሊስ በዚ ቁጽሪ 999 ደውል። እዚ ብዙሕ ዘጠቓልል ኮይኑ, እቲ ጉዳይ ንዓኻ ወይ ውን ንኻልእ ሰብ ኣብ ሓደጋ ከምዘሎ ዘመልክት ኩነታት እንተተፈጢሩ, ከም ኣካላዊ መጥቃዕቲ ወይ ውን እቲ ዘጥቅዓካ ሰብ ኣብ ጥቓኻ እንተሃሊዩ።

## እቲ ተኸሰቶ ናይ ጽልኢ ገበን ብፓሊስ እንተኾይኑ’ኸ፧

**ንዝያዳ ሓበሬታን ሓገዘን**

ብዛዕባ እቲ ዘጓነፈ ኩነታት ናይ ፓሊስ ኣባል ጥርዓን በዚ መራኸቢ እዚ ተቕርብ፥

**ኢንድፐንደንት ፖሊስ ኮምፐለይንት ኮምሽን**
www.ipcc.gov.uk

ተወሳኺ መራኸቢ ብዛዕባ እቲ ኩነታት ዝምልከት

**ስቶፕ ሃይት ዩኬይ**
0800 138 1625 (24 ሰዓት መስመር ረድኤት)



## እቲ ኲነታት እንተ ኣመልኪተ, ብድሕሪኡ እንታይ ከጓንፈኒ ይኽእል፧

እቲ ኲነታት ናይ ጽልኢ ገበን ምስ ተመልከት, ፖሊስ ንናትካ ውሕስና ንምርግጋጽ ብዝምልከት ኣድላዪ ዝኾነ ስጉምቲ ይወስዱ። ጉዳይካ ብምስጢር ይተሓዝ ፣ ባዕልኻ ናብ መደበር ፖሊስ ክርከብ ኣለኒ ወይ ድማ ተሌፎን ክድወል ኣለኒ እንተዘይ ኢልካ ፖሊስ ድማ ክሪኡኻ ይመጹ ድሃይካ ይገብሩ። ፖሊስ ነቲ ጉዳይካ እንታይ ከምዘጓነፈ ይሰምዑኻ ምሉእ ምርመራ ብምግባር ንዝተፈላለያ ናይ ሓገዝ ወድባት ከም 'ሓገዝ ግዳይ" የቕርባኻ። ኣድላዩ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ድማ ፖሊስ ነቲ ሰብ ንዓኻ ካብ ምርካብ ድው ኣብ ምባል መንገዲ የናድዩ።

ነቲ ሰብ ክትዛረቦ ወይ ክትከራኸሮ ወይ ድማ ቀትታዊ ርክብ ኣይፍቀደን፡ ገለ ክትሕተት ግን ትኽእል፡

1. ሓሳብካ ወይ ርእይቶኻ ክትህብ
2. ዝኾነ መርትዖታት ከም, ብ ሞባይል ዝተቐርጸ ወይ CCTV፣ መጉዳእትታት, ስእልታት
3. ናይ ግዳይ ዘጓነፈካ ሓሳባትካ ተቕርብ, በቲ ዘጓነፈካ እንታይ ተሰሚዑካ ከምኡ'ውን ንሂወትካ ብኸመይ ጸልየዎ
4. ብ ወኪል ግዳይ ሓገዝ ኣቢልካ መርትዖታትካ ተቕርብ

ዝኾነ ትህቦ ሓበሬታ ኣዚዩ ኣገዳሲ እዩ, ኣብቲ ናትካ ከባቢ ምናልባት ምስ ከምዚ ናትካ ኩነታት ዘጓነፈ ብተመሳሳሊ ዝዛመድ ነገር ከጓንፍ ስለ ዝኽእል፡

እቲ ፓሊስ ነቲ ሰብ ክፈልጦ ይኽእል እዩ። ናይቲ ኩነታት መርትዖ ብሞባይል ተሌፎን ወይ CCTV ጽሑፍ ክረክብ ይኽእል። እቲ ዘጓነፈ ኩነታት ውን ናብ ዘይተደልየ ደረጃታት ናይ ጽልኢ ገበናት ከይድየብ ክኸላኸል ይኽእል ። ስለዚ እቲ ኩነታት ከምዘመልከትካ ኣረጋግጽ።

## ኣነ ዑቕባ ዝሓትት ዘለኹ ሰብ እየ፣ ናብ ርእሰይ ዘተኮረ ነገር ክገብር ኣይደለኹን፡ እንታይ ክገብር ኣለኒ፧

ናይ ጽልኢ ገበናትን ተኽስቶታትን ነቲ ናትካ ናይ ዑቕባ ዘእተኻዮ ጉዳይ ኣይጸልዎን እዩ ምኽንያቱ በቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ፓሊስ እዩ ዝግምገም። ዝኮነ ሰብ ብምኽንያት መን ምዃንካን መን ምዃንካን ብምሕሳብ ክጎድኣካ ተፈቲኑ ናትካ ጸገም ኣይኮነን። ፓሊስ ብኹሉ ዝከኣል ዘበለ ነቲ ናትካ ናይ ዑቕባ ጉዳይ ቆጸራ ብዘይትንክፍ/ ዘየቋረጽ መንገዲ ይሕግዘካ፡ ከምኡ'ውን እቲ ናትካ ዝርዝር ሓበሬታ ብዝዕባ ናይ ጽልኢ ገበን ዝምልከት ናብቲ ጉዳይካ ዝከታተል ሆም ኦፊስ ኣይመሓላለፍን እዩ።

ከምኡ'ውን እቲ ዘጓነፈካ ናይ ጽልኢ ገበን ብምምልካትካ ነቲ ናትካ ናይ ምንባር ሕቶ ወይ ሓገዝ ናይ ገዛ ምርካብ ኣይጸልዎን እዩ። እንተኾነ ግን በቲ ዘጓነፈካ ናይ ጽልኢ ተኽስቶ ዉሑስ ቦታ ኣንተደሊኻ, ዝግበረልካ ሓገዝ ኣሎ።



## ናይ ጽልኢ ተኸስቶ ብኸመይ የመልከት

**ቪክተም ሳፖርት**
0300 303 1982
https://www.reportthate.victimsupport.org.uk/hate-crime/

ብ ኢሜይል( email ) ዝምላእ ፍርም በቲ ዝመረጽካ ዮ ናትካ ቛንቛ ይስደደልካ። ባዕልኻ ነቲ ጉዳይ ከተመልከት እንተዘይደሊኻ ካልእ ሰብ ከመልክተልካ ይኽእል እዩ። ኩሉ ዝርዝር ሓበሬታ እኳ እንተዘይፈለጥካዮ ፣ ዝኾነ ዝወሃብ ሓበሬታ ኣገዳሲ እዩ።



## ናይ ጽልኢ ተኸስቶ ብኸመይ የመልክት

**ስቶፕ ሃይት ዩኪይ**

ናይ ጽልኢ ገበን ብሰንኪ ስንክልናኻ እንተጓኒፉካ,
ነዚ ሓበሬታ ተጠቀም፡
0808 802 1155

Text: 07717 989 025.

ዝኾነ ናይ ምስማዕ ከምኡ'ውን ናይ ምዝራብ ጸገም እንተለካ
፣ ወይ ከኣ ጸማም እንትኮይንካ፣ በዚ ቁጽሪ ክትጽሕፍ
ትኽእል 18001 0800 138 1625.



# ጥዕና





→

# ጥዕና

ነፍሲ ወከፍ ሰብ፡ ናይ ኢሚግሬሽን ኩነታት ብዘየገድስ፡ ምስ ሓፈሻዊ ሓኪም ክምዝገብ ከምኡ’ውን ነጻ ናይ “ፕራይመሪ ኬር “ ቀዳማይ ደረጃ ክንክን ክቕበል ይኽእል እዩ። እቲ ቀዳማይ ደረጃ ክንክን ፥ ሕክምና ስኒ, ፋርማሲ, ሕክምና ዓይኒ( ናይ ምርኣይ ክእለትካ ትምርመረሉ) ከምኡውን ንናይ መነጸር ዓይኒ ዝምልከት።

ንነጻ ሕክምና ስኒ, ነጻ ዕደላ መድሃኒትን ከምኡ’ውን ነጻ ናይ ዓይኒ ሕክምና ንምርካብ, HC1 ፎርም ምምላእ የድሊ። በዚ ነገር’ዚ ሓገዝ ዘድልየኩም እንተኾይኑ, በዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ሓካይም ኣብ ዓለም ብዝብል ኩሉ ግዜ ነጻ ናይ ኣገልገሎት ሓገዝ ሓበሬታ ንጠቀም።

- ኣብ ናይ ሓደጋን ከምኡ’ውን ኣብ ክፍሊ ሆስፒታላት ናይ ህጹጽ ረዲኤት ዝወሃብ ሕክምናዊ ኣገልገሎት፡

- ነጸርታን ከምኡ’ውን ሕክምናዊ ኣገልገሎት ንፍሉይ ዝላገብ ሕማማትን ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማማትን ዝወሃብ( ንኣብነት፣ሕማም ዓባይ ሰዓል, ኤችኣይቪ)

- ውጥን ስድራቤት(መከላኸሊ ጥንሲ, ምኽሪ, ንዘይምቁራጽ ጥንስን)

- ክፋል ናይ NHS111 ዝወሃብ ኣገልገሎት መስመር ናይ ጥዕና በጻሕቲ ከምኡ’ውን ተመሃሮ ነርሳትን

- ምርመራ ናይ ኮቪድ 19 ብነጻ እዩ፡ ውጽኢት መርመራ ናይ ኮቪድ 19 ኣወንታ እንተ ኮይኑ ሕክምና ይወሃብ

# ሓድሽ ነገር እንታይ እዩ፧

ንዝኾነ ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ሓበሬታ ዝምልከት ክትጥቀም ከለኻ ክትፈልጦ ዘለካ ብዙሕ ለውጥታት ኣሎ። ኣብ ሰለስተ ጉጅለ መቒልናዮም ኣለና።

## 1 ሆስፒታልን ህዝባዊ ናይ ጥዕና ኣገልግሎት

- ዘይተመዝገቡ ስደተኛታት  ኣብ ናይ ሆስፒታል ወይ ህዝባዊ ጥዕናዊ ኣግልገሎት ምናልባት ክኸፍሉ ተኽእሎ ኣሎ ( ገለ ፍሉይ ጉዳያት ኣብ ላዕሊ ተመልከት)። እዚ ነቶም ንሓጺር እዋን ብቪዛ ዝመጹን ከምኡ'ውን ዑቑባ ዝተኸልኡን

- ካብ 23 ጥቅምቲ 2017 ጀሚሩ, ድሌት እቲ መንግስቲ ሆስፒታላትን፡ ናይ ህዝባዊ ጥዕናዊ ኣገልገሎትን ብዝምልከት ንተገልገልቲ ጥዕና ኣቐዲመን ከኽፍሎኦም ከም ዘለወን፣ናይ ነፍሲ ወከፍ ተሓካሚ ዶኩመንት፣ ፓስፓርት፣ ናይ ኣድራሻ መረጋገጺ ወረቐት ክርኦ. እቲ ተሓካሚ ክኸፍል እንተዘይክኢሉ፣  ናይ ዘይህጹጽ ኣገልገሎት ክንፈጎ/ክኽላእ።

- ነፍሰጾርን ዘይተመዝገብኪ ስደተኛ ምስ ትኾኒ፣ ኣቐዲምኪ ኣይትኸፍለን፣ ድሒሩ ዝመጽእ ግን ዝኽፈል ይህሉ። እዚ ብሙሉኡ ነቲ ቅድመ ክንክን ጥንሲ፣ ሕርሲ ከምኡ'ውን ድሕሪ ሕርሲ ዝግበር ኣገልገሎት ጥዕና ይኸውን። እቲ ዝምርምረኪ ሓኪም ህጹጽ ረድኤት የደሊ እንተ ኢሉ፣ ኣቐዲምኪ ዝኽፈል ገንዘይ ዘይክህሉ ይኽእል ብድሕሪኡ ግን ዝኽፈል ናይቲ ዝተረኣኸዮ ጸብጻብ ይመጸኪ።. ምስ ዝርአ ቃንዛ/ ስንክልና ወይ ከኣ ኩነታትኪ ኣዝዩ ኣብ ዝኸፍአ ኩነታት እንተሎ ንዕኡ ዝምልከት ህጹጽ ሕክምና ኣገልገሎት ይወሃበኪ።  ኣብ ካልእ ኩነታት ግን ህጹጽ ሕክመናዊ ኣገልገሎት ይደንጉ ወይ ከኣ ኣይወሃበን።



## 2 ተወሳኺ ኽፍሊት ንኣመልከትቲ ኢሚግሬሽን

- ካብ ኤውሮጳ ዩንዮን ወጻኢ ዝመጹን ከምኡ’ውን ናብ UK ንምእታውን ንምጽናሕን ዘመልከቱ ናይ “ ጥዕና ተወሳኪ ኽፍሊት” ክኽፍሉ ከምዘለዎም ከም ክፋል ናይቲ መመልከቻ ዝገብርዎ እዩ። ኣብዚ እዋን እዚ እቲ ተወሳኺ ክፈሊት ንተመሃሮ £300 ንዓመት ከምኡ’ውን £400 ንዓመት ንኹሎም ናቪዛን ኢሚግሬሽን ዘመልክቱን። እቲ ዋጋ ግን ንሓደ ዘመልክት ሰብ ካብ ጥቅምቲ 2020 ኣትሒዙ ዋጋ ናብ £624 ከምዝውስኽ መንግስቲ ኣፍሊጡ። ህጻናት ዝእለዩ ግን ኩሉ ግዜ ሓደ ዓይነት ከምዝኽፍሉ።.ንኣብነት ሓደ ሰብ ክልተ ቆልዑ ዘለዉዎ ኣብ UK ክነብር ምመልከቻ እንተኣእትዩ £1200 ንዓመት ይኽፍል፣ ካብ ጥቅምቲ 2020 ግን ናብ £1872 ክወስኽ እዩ። NHSን ማሕበራዊ ክንክን ግን ካብዚ ተወሳኺ ክፈሊት ነጻ እየን።

ጥልቂ ድኽነት ከምዘለካ እንተ ኣርኢኻ ዘይክትከፍል ትኽእል ኢኻ። እንተ ገዛ ኣልቦ ኮይንካ እኹል ገንዘብ መግቢ ክትዕድግ ዘይትኽእል እንተኾንካ ድኽነት ኣለካ ማለት ኢዩ።

## 3 ሓበሬታ ምልውዋጥ ኣብ መንጎ ሆም ኦፊስ(Home Office ) ሃገራዊ ናይ ጥዕና ኣገልግሎትን

ሃገራዊ ናይ ጥዕና ኣገልግሎትን (NHS ) ብዛዕባ ተሓካሚ ሓበሬታ ምስ ሆም ኦፊስ ይለዋወጥ፡

- ናይ ሆስፒታል ሓገዝ ዘድለየካ እንተ ኾይኑ, ሃገራዊ ናይ ጥዕና ኣገልገሎት(NHS ) ንሆም ኦፊስ ብዛዕባ ጉዳይ ኢሚግሬሽን ስታትስ ዝምልከት ሓበሬታ ክወከሱ

- ናይ ሆስፒታል ክፍሊትካ ካብ £500 ንላዕሊ ዘይተኸፍለ እንተሎ NHS ን ሆም ኦፊስ ይሕብር።

## ሕሳብ ተቐቢለ ክኸፍል እንተዘይክኢለ እንታይ ክገብር ይኽእል፧

ናይ ሆስፒታል ሕሳብ ሸለል ዘይምባል ኣዚዩ ኣገዳሲ እዩ። ንሆስፒታል ምሕባር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ, ወላ’ውን ሕሳብ ክትከፍል እንተዘይክኣልካ። እንተ ሓቲትካዮም እቲ ሆስፒታል ናይ ኣካፉፋል ዳግመ ግመት ክገብረልካ ይኽእል እዩ። ከምኡ ክገብሩ እንተዘይ ክኢሎም ድማ ሓገዝ ምእንቲ ክህቡኻ ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ናይ ዕዳ ኣገልገሎት ምኽሪ ክትወከስ ትኽእል ኢኻ( ናይ ዜጋ ኣማኻሪ )። ነቲ ዘለካ ዕዳ በብቑሩብ ኣብ ወርሒ ክትከፍሎ ትኽእል። ኣብ NHS ዕዳ እንተ ሃሊኻ ግን እቲ ወረቐት ዘመልከትካዮ ንምእታው፣ ንምጽናሕ ወይ ውን ንምውጻእ ትኽልከል።

### ንዝያዳ ሓበሬታን ሓገዝን

ናይ HC1 ፎርም ክትመልእ እንተደሊኻ (ንነጻ መድሃኒት፣ ናይ ስኒ ሕክምና፣ ከምኡ’ውን ናይ ዓይኒ ሕክምና), ናትካ GP ( ሓኪም ገዛ) ኣድራሻ ብዘይ ምህላውካ ምምዝጋብ እንተኣቢዩካ, ብዝዕባ ናይ ሆስፒታል ዘይተኸፍለ ቢል ወይ ዕዳ እንተ ድኣ ተሻቒልካ , ሆስፒታል ብዘይክፈሊት ኣይንሕክመካን እንተኢለናኻ, ን ዶክተራት ኣብ ዓለም (Doctors of the World) ብዝብል ሓበሬታ ን ሓገዝን ን ምኽርን ክትወከስ ትኽእል ኢኻ።

**ዶክቶርስ ኦፍ ዘ ዎርልድ (ዶክተራት ኣብ ዓለም)**
0808 1647 686 (ሶኒ - ዓርቢ 10 ቅ.ቀ - 12 ድ.ቐ)
clinic@doctorsoftheworld.org.uk

**ማተርንቲ ኢን ኣክሽን (ሕርሲ)**
0808 800 0041 (ሓሙስ 10 ቅ.ቀ - 12 ድ.ቐ))

# መንበሪ ገዛ





# መንበሪ ገዛ

## እንታይ ኣሎ ሓዲሽ ፧

እዚ ሕጊታት'ዚ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ጥራይ እምበር :ኣብ ስኮትላንድ ፡ ሰሜናዊ ኣየርላንድ፡ ወይልስ ኣብ ግብሪ ዛጊት ኣይወዓለን ዘሎ ።

ቤትጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ፡ ንኣካረይቲ ፡ ናይ መጽንሒ ወይ * ወይ መእተዊ ፍቃድ* ዘይብሎም ሰባት ፡ ምክራይ ዘይሕጋዊ ገይሩዎ ኣሎ ። ኩሎም ወነንቲ መሬትን ኣካረይትን ቅድሚ ምክራዮም፡ ዘካርዩዎ ዘለዉ ሰብ ኩነታት ስደታኙኡ ብምፍታሽ ንኽካረ ሕጋዊ ፍቃድ ከምዘለዎ ከረጋግጹ ኣለዎም።

ዋና ገዛ ወይ ወኪል ኣካራዪ ኩነታት ስደተኛ ብዘይምፍታሽ ንገዛ ክካረ ፍቃድ ዘይብሉ በጽሒ (ዓቕሚ ኣዳም ዝኣኸለ ሰብ) ምስ ዘካሪ፡ እቲ ኣካራዪ ክሳብ £3000(ማለት ሓደ በጽሒ እንተኣካርዩ ክሳብ £3000፡ክልተእንተኣካርዩ ክሳብ £6000... ወዘተ ) ወይ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ማእሰርቲ ክፍረዶ ይኽእል።

ብተወሳኺ ንኣካረይቲ ዝተዋህቦም ሓዲሽ ስልጣን ኣሎ፡ እዚ ኸኣ፡ ኣብ ዘካረዩዎ ገዛ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ብምኽንያት ናይ ስደተኛ ኩነታቶም ንኽካረዩ መሰል ዘይብሎም ሰባት(ዓቕሚኣዳም ዝበጽሑ) እንተረኺቡ ነቶም ተኻረይቲ ክሰጎም ይፍቀዶ። ካብቶም ተኻረይቲ ዝኾነ መሰል ናይ ምክራይ ዘለዎ እንተዘይሃዩ :ኣካራዪ ንኽለቅቑ ናይ 28 መዓልቲ ዕድል ዝህብ ደብዳቤ ጥራይንተኻረይቲ ብምሃብ፡ ናይ ቤት ፍርዲ ውሳነ ከይተጸበየ ክሰጎም ስልጣን ኣለዎ።ካብቶም ተኻረይቲ ዝተወሰኑ ሰባት ጥራይ እንተኾይኖም መሰል ናይ ገዛ ምክራይ ዘይብሎም ግና ኣካራዪ ንክሰጎም ናይ ቤትፍርዲ ውሳነ የድሊዮ።

# ንኽካረ መሰል ኣለኒ 'ዶ፧

**ካብ'ዞም ዝስዕቡ እንተ'ኾንካ ምክራይ ኣፍቀደልካን እዩ፡**

- ናብ ዓዲ እንግሊዝ ክትኣቱ ወይ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ክትነብር ዘይተፈቀደልካ።
- ውቅባ ሓቲትካ ግና ብዛዕባ ሕቶኻ ውሳነ ዛጊት ዘይተወሃበካ ፡ ብግዜ ዝተገበ ፍቃድ ምክራይ ይህልወካ።

**ካብ'ዞም ዝስዕቡ እንተ'ኾንካ ምክራይ ይፍቀደልካ፥**

- ብርጣንያዊ ዜጋ ዝ'ኾንካ
- ዜጋ ናይ ቁጠባዊ ኣከባቢ እውሮጳ(EEA) ወይ ስዊዝ ዝ'ኾንካ
- ቀዋሚ መንበሪ ፍቃድ ዘለካ፡ ንኣብነት ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ንክትጸንሕቀጻሊ ፍቃድ ዘለካ እንተ'ኾንካ።
- ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ንውሱን ግዜ ክትሰርሕ ወይ ክትጸንሕ ፍቓድ ምስ ዝህልወካ ፡ እቲ ዋና-ገዛ'ኻ ወይ ወኪል-ገዛ'ኻ ኣብ መጀመርታ ግዜ ክራይን ድሕሪ 12 ወርሒ ምጽናሕካ ወይ ድሕሪ ናይ ትጸንሓሉ ግዜ'ኻ ምውዳኡ(ካብ ክልቲኡ ኣብ ዝቀደመ) ሰነዳትካ ክፍትሽ ኣለዎ።



## ቤትጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ናተይ ሰነድ እንተሃልዩዎም'ከ፧

ቤትጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ሰነዳትኩም እንተሃልይዎ ፡ ዋና ገዛ ናይ ቤትጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ብመገዲ ኢንተርነት በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ምጥቃም ይከኣል ፡

→

**https://eforms.homeoffice.gov.uk/outreach/lcs-application.ofml.**

## ካብ'ዞም ሕግታት ወጻኢ ፍሉይ ኣረኣእያ ዝወሃቦ ኣሎ'ዶ፧

ናይ ክራይ ገዛ መሰል እንተዘይብልካ እሞ ኣብ ጉዳይካ ሓደ ፍሉይ ነገር ክግበር ዘለዎ ምኽንያታት ከምዘሎ ኮይኑ እንተተሰሚዑካ ካብ ቤትጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት መሰል ክራይ ኽትሓትት ትኽእል ኢኻ ። ካብ'ዚ ሃገር ብደሓን ክትወጹ ምስ ዘይትኽእሉ ፡ እዚ ክዓዩ ይኽእል እዩ

ንዝያዳ ሓበሬታን ሓገዝን

**ጆይንት ካውንስል ፎር ወልፈይር ኦፍ ኢምምግራንትስ JCWI (Joint Council For Welfare Immigrants)-ናጻን** ምስጢራውን ዝኾነ ሕጋዊ ምኽሪ ን ዘይሕጋዊያን ስደተኛታት

https://www.jcwi.org.uk/right-to-rent-toolkit-for-tenants-and-advisors
020 7553 7470
10 ቅ.ቀ and 1 ድ.ቐ
ሰኑይ, ሰሉስ, ሓሙስ

# ማሕበራዊ ኣገልግሎት



# → ማሕበራዊ ኣገልግሎታት

## እንታይ ኣሎ ሓዲሽ ፧

ኣብ 2016 ገለ ለውጥታት ናብ ሕጊ ቀሪቦም እኳ እንተነበሩ ፡ እዚ ለውጥታት እዚ ብኸመይ ከምዝሰርሕን መዓስ ከምዝፍጸምን ግን ቤትጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ኣይገለጸን ። ሕጂ ግን እዚ ኣብ ግብሪ ዝወዓለ ለውጢ የለን ማለት እዩ ።

ብፍላይ ኣብ ሎንዶን ብዙሓት ናይ ከባቢ ሰበስልጣናት ኣብ ቤት ጽሕፈታቶም ዝሰርሑ ናይ ኢሚግሬሽን መኰንናት ኣለውዎም ። ምስኦም ኽትራኸብ ይሓቱኻ ይኽእሉ እዮም።

በዚ ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ቤትጽሕፈት ደገፍ ንምሃብ እንተሓቲትካ እሞ ከኣ ምስ በዓል መዚ ኢሚግሬሽን ኤጀንሲ ሰራሕተኛ ሓይሊ ኢሚግሬሽን ኽትራኽብ ፍቓደኛ እንተዘይኬንካ ፡ ፍቃደኛ ዘይምዃንካ ኣንጻር ምልከታኻ ኣብ ግብሪ ክውዕል ይኽእል እዩ ።

እዚ ዝስዕብ ነዞም ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ጥቅሚ ውዒሎም ዘሎዉ ሕግታት ኣጸቢቑ ይገልጽ፡

## "ህዝባዊ ማዕከን ብዝምልከት ዝርርብ የለን (NRPF)" ዝበሃል እንታይ እዩ፧

"ንህዝባዊ ማዕከን ብዝምልከት ዝርርብ የለን" ክበሃል እንከሎ ኣብ ልዕሊኣሽሓት ኣብ ዕዲ እንግሊዝ ዝነብሩ ሰባት ዝተወሰደ ናይ ኢሚግሬሽን እገዳ ኮይኑ፡ ከም ኣድማሳዊ ልቓሕ ዝኣመሰሉ ናይ ድሕነት ጥቕምታትን ደገፋትን ንኸይረኽቡ ይዓግቶም ።

እቲ እገዳ ነቶም ካብ ቊጠባዊ ከባቢ ኤውሮጳ (EEA) ወጻኢ ዝመጹ ሰባት ዝምልከት ኮይኑ ምስዞም ዝስዕቡ እንተኾይኖም አዩ፡

- ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ንኽቅመጡ ፍቃድ ዘድልዮም ግና ፍቃድ ዘይረኸቡ ዘለዉ። እዚ ዘይተሰነዱ ሰባትን ልዕሊ ዝተፈቀደሎም ንዝጸንሑን ውን የጠቓልል።

- መንበሪ ፍቃድ ዘለዎም ኮይኖም ፡ግና ኣብ ባዮሜትሪካዊ ፍቓድ

  ነባሪነቶም NRPF ማሕተም ዝተሃረመሎም።

- ብናይ መንበሪ ደገፍ ምርካብ ምጽናሕ ዝተፈቀደሉ እንተኼንካ፡ እዚ ማለት ከተመልከት ከለኻ ካልእ ሰብ ወጻኢታትካ መንበሪኻን ክሽፍነልካ እንተተሰማሚዑ፡ ደጋፊ (sponsor) ከኣ ተባሂሉ ይጽዋዕ።

- ናይ እግባይ መልሲ ዝጽበ ዘሎ እንተኾይንካ።

## ነቶም ማዕከን ገንዘብ ህዝቢ ክጥቀሙ ዘይፍቀደሎም ስድራ ቤታት ሓገዝ ዝግበረሎም መዓስ እዩ ፧

ሕጊ ከምዝሕብሮ ከባቢያዊ ቤት ምኽሪ ድሕንነት ናይ ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ‘ስኡናት ቆልዑ’ ክሕልው ኣለዎም ። ደቅኻ ኣብዚ ጉጅለ ዝኣትዉ ካብዚ ዝስዕቡ እንተኾይኖም እዩ፡

- ስድራቤትካ ቤት ኣልቦ እንተኾይኖም ወይ

- ስድራ-ቤትካ መሰረታዊ ድሌታት ንምምላእ እኹል ገንዘብ ዘትብሎም

  እንተኾይኖም (ንኣብነት ፡ መግብን ክዳንን)

ናይ ከባቢኻ ቤት ምኽሪ ንስድራኻ ናይ መንበሪን / ወይ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ናይ ምሃብ ግዴታ ክህልዎ ይኽእል እዩ ።

ምስ ስድራቤትካ ናብ ሃገርካ ንኽትምለስ ዘየኽእል ሕጋዊ ወይ ግብራዊ ገደብ እንተሃልዩኩም ከባብያዊ ቤት ምኽሪ ናብ ሃገርኩም ክትምለሱ ኽመኽሩኹም ኣይክእሉን እዮም( ንኣብነት ስድራቤትካ ናይ መንበሪ ወይ መጽንሒ ፍቓድ ንምርካብ ናይ ዘእተኹሞ ምልክታ ካብ ቤት-ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት መልሲ ትጽበዩ እንተሃልይኹም)። ምልክታ ቅድሚ ምቕራብካ ሕጋዊ ምኽርን ሓገዝን ክትሓትት ኣለካ።

## ንገንዘብ ህዝቢ ዝኸውን መምርሒ ንዘይብሎም ውልቀ ሰባት መዓስ ሓገዝ ይግበረሎም

ቤት ዘይብልካን ነዳይን እንተ ኾንካ እሞ ከኣ፡

- ስንኩል፡ ብዕድመ ዝደፋእኳ፡ ወይ ትሳቐ ዘለኻ እንተኾንካ

- ስድራ-ቤትካ መሰረታዊ ድሌታት ንምምላእ እኹል ገንዘብ ዘትብሎም እንተኾይኖም (ንኣብነት ፡ መግብን ክዳንን)

ካብ ናይ ከባቢኻ ቤት ምኽሪ ዝተወሰነ ናይ መንበርን ገንዘባዊ ሓገዝን ክትረክብ ትኽእል። እቲ ብዛዕባ እዚ ዝገልጽ ሕጊ ዝተሓላለኸ ስለ ዝኾነ፡ ምልክታ ቅድሚ ምቕራብካ ሕጋዊ ምኽርን ሓገዝን ክትሓትት ኣሎካ ።



## ንተወሳኺ ሓበሬታን ሓገዝን



**ፍቃድ መንበሪ ገዛ**

www.housing-rights.info

**ፕሮጀችት 17**

07963 509 044

https://www.project17.org.uk/resources/guide-to-accessing-support/guidance-on-section-17- support/



# → ማህደረ ሓበሬታ (Glossary)

**ሓታቲ/ቲት ዑቕባ**- ሓታቲ/ቲት ዑቕባ ዝበሃል/ትበሃል ሰብ ኣብ ትሕቲ ኣብ 1951 ብ ው/ሕ/ሃ ዝተፈጸመ ውዕል ኩነታት ስደተኛታት፡ካብ ግፍዒ ሃዲሙ/ማ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዑቕባ ዝሓተተ/ተት ሰብ እዩ/ያ።

**ምጥራዝ**- ምጥራዝ ንሓደ/ንቲ  ውልቀ ሰብ ወይ ጉጅለ ካብ ሓደ ቦታ ወይ ሃገር ምስጓግ ማለት እዩ።

**EEA National**- ኣብ 2006 ብዝወጸ ሕጊ ወጻእተኛታት ናይ EEA(European Economic Area) (ኤውሮጳዊ ናይ ቁጠባ ዞባ) መሰረት፡ዜጋ ናይ ኣብ EEA ትርከብ ሃገር  እንተ ኮንካ/ኪ፡ናብ ዓዲ እንግሊዝ ምስ ትመጽእ/ጺን ኣብዚ ምስ ትቕመጥን ተጠቃሚ/ሚትን ተረባሒ/ሒትን ናይ ኣውቶማቲካዊ መሰላት ትኸውን/ኮኒ።

**ወጻእተኛ**- ብኣተሓሳስባ ናይታ ትኸዳ/ድያ ዘለኻ/ኺ ሃገር፡ ሓደ/ሓንቲ ናብ ካብ ሃገሩ ወይ መንበሪኡ ወጻኢ እትርከብ ሃገር ዝኸይድ/ትኸይድ  ሰብ እዩ/ያ።በዚ ምኽንያት ድማ እዛ ዝኸዳ/ትኸዳ ዘሎ/ላ ሃገር ሓዳስ መንበሪት ወይ ሃገር ናይዚ/ዛ ሰብ ትኸውን።

**ዘይውሱን መጽንሒ ፍቓድ- እዚ** ፍቓድ'ዚ ንሓደ/ሓንቲ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ክነብር መሰል ዘይብሉ ግን ምፍሉይ ፍቃድ ንዘይተወሰነ ግዜ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ዝኣተወን ኣብዚ ክጸንሕን ዝተፈቕደሉ/ላ ሰብ ዝወሃብ ናይ ወጻእተኛታት ኩነታት እዩ።እዚ/ዛ ውልቀሰብ ድማ ብዘይ ዝኾነ ጸገም ክመሃር/ክትመሃርን ስራሕ ክሰርሕ/ክትሰርሕ ይኽእል/ትኽእል።

**ዘይልሙድ ፍልሰት ወይ ጉዕዞ**-ካብ ሕጊ፡ስርዓት ወይ ዓለም ለኻዊ ስምምዕ ወጻኢ ዝግበር ምንቅስቓስ  ናይ ውልቀ ሰባት'ዩ።ካብዚ ስርዓት ወይ ሕጊ ወጻኢ ዝግበር ምእታው ናብ ወይ ምውጻእ ካብ መበቆላዊ ሃገርካ/ኪ፡መሰጋገሪት ሃገር ወይ መዓልቦ ዝግበር ምንቅስቓስ'ዩ።

**ናይ ምእታው ፍቓድ**- ተክኒካዊ ኣበሃህላ ናይ ብ ናይ ውሽጣዊ ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ናብ ዓዲ እንግሊዝ ክኣቱ ዝተፈቕደሉ/ላ ውልቀ ሰብ እዩ።

**ፈላሲ(ወጻእተኛ)**- ሓደ/ሓንቲ ብፍቓዱ/ዳ ንትምህርቲ፡ስራሕ ወይ ምስ ስድራ ንምጽንባር ናብዚ ሃገር ዝመጽእ ውልቀ ሰብ እዩ/ያ።

**ስደተኛ**- ሓደ ብዓዲ እንግሊዝ ዑቕባ ዝተገብረሉ/ላ ወይ ዝተዋህበ/በት እዩ(ብመሰረት ስምምዕ 1951)።እዚ/ዛ ሰብ ድማ ናብ መበቆል ሃገሩ/ራ እንተ ተመሊሱ ወይ ተመሊሳ ግፍዒ ክወርዶ/ዳ እዩ/ያ ብዝብል  ሓሳብ እዩ።

**ሰነድ ዘይብሉ ወይ ዘይተመዝገበ**- ንሓደ/ሓንቲ ብዘይ ሕጋዊ መንበሪ ወይ መጽንሒ ፍቓድ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝነብር/ትነብር ሰብ ንምግላጽ ዝጠቅም ሓፈሻዊ ኣበሃህላ እዩ።



እዚ መምርሒ እዚ ፡ ብመርበብ
መሰላት ስደተኛታት ዝተዳለወ
እዩ።

ዝኾነ ሕቶ ምስዝህልወኩም ወይ
ብዛዕባ ዝኾነ ጌጋ ሓበሬታ
ክትነግሩና ምስእትደልዩ ፡
ብኽብረትኩም ብመገዲ እዚ
ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱና ፡-


መርበብ መሰላት ስደተኛታት
ናይ ሓፋሽ ቦታ The People's Place80 – 92 High StreetLondon, E15 2NE

**ቁጽሪ ቴሉ፡:** +44 (0)20 7424 7386/ 07534 488696
**ኢ-ሜይል፡** info@migrantsrights.org.uk
**ትዊተር፡:** @migrants_rights
**ፌስቡክ፡** Migrants' Rights Network


Migrants' Rights Network
MRN
working for the rights of all migrants